The America Team for Displaced Eritreans

Hope ተስፋ · Education ትምህርቲ · Opportunity ዕድል · Dignity ክብረት

www.EritreanRefugees.org

**19/02/2011**

# 61 ኤርትራውያን ስደተኛታት 21-22 የካቲት 2011 ናብ ሳልሳይ ሃገር ክሰጋገሩ’ዮም፡፡

ብሰንኪ ኣረሜናዊ ጨካን ስርዓት ህግደፍ፡ ዝፈትውዋ ዓዶም ገዲፎም ናብ ዝተፈላለዩ ጎሮባብቲ ሃገራት ዝስደዱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ’ውን ቁጽሮም ብዝያዳ እናንሃረ ይርከብ፡፡ ናብ ኢትዮጵያ ዝተሰዱ/ዝሰገሩ ቁጽሮም 58,454 ክበጽሕ ከሎ፡ ኣብ ሓሙሽተ መዕቆቢ ስደተኛታት፣ ማለት ኣብ ትግራይ፡ ሽመልባ፣ ማይ-ዓይኒ፣ ዓዲ-ሓሩሽ፡ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ዓፋር ድማ፡ ኣብ ኣስሓይታን በርሓለን ከምዘጽለሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝስደዱ ኤርትራው በብወርሒ ካብ 2,000 ንላዕሊ ዶብ ኣቛሪጾም ክኣትዉ ከለዉ ካብዚኣቶም ውሽጢ ካብ 52% ንላዕሊ ዝኾኑ ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ከምዝኾኑ’ውን ብተወሳኺ ክፍለጥ ተኻኢሉ’ሎ፡፡

መስርሕ ምስግጋር ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ሳልሳይ ሃገር፡ ካብ 2006 ክሳብ መወዳእታ ወርሒ 2010 ዘሎ ግዜ፡ 8,608 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ከምዝተሰጋገሩ፡ ጸብጻብ ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ይገልጽ፡፡

ን6,800 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ዕድል ከምዝተዋህበ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ዓመተ 2010፣ 3,100 ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሰጋገሩ ተመዲቡ/ዕቅድ ወጺኡ፡ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ 2010 ድማ፡ 2,847 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ከምዝሰተጋገሩ ይፍለጥ፡፡ ኣብ’ዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና ዓመተ 2011 ድማ ን 3.500 ስደተኛታት ክሰጋገሩ መደብ/ዕቅድ ክወጽእ ከሎ፡ ኣብ’ዚ ዝሒዝናዮ ዘለና ዓመተ 2011 ምስዞም ንዕለት 21-22 የካቲት 2011፡ ኣብ ምስግጋር ዝርከቡ 61 ኤርትራውያን ስደተኛታት ደሚርካ 284 ከምዝተሰጋገሩ መግለጺ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ይገልጽ፡፡

ነዞም ኣብ ምስግጋር ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ናይ መፋነዊ ግብጃ ጌርሎም፡፡ መስርሕ ምስግጋር ናብ ሳልሳይ ሃገር ምስ UNHCRን IOMን ብምትሕብባር እናተኻየደ ይርከብ፡፡

ምስሊ 21-22 የካቲት 2011 ካብ ዝፋነዉ የሕዋት ስደተኛታት ብኸፈል!!







